# FoodLAND

## Food and Local, Agricultural and Nutritional Diversity

### ምግብን ከባብን፣ ሕርሻን ብዘሃነት ስርዓት ኣመጋግባን

**ብ 7 ሚልዮን ዩሮ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ጉጅለ ተመራመርቲ ኣፍሪካዊያንን ኣውሮፓውያንን ኣብ ትሕዝቶ ንጥረ-ነገር ከባብያዊ ምግብታትን ሓፈሻዊ ኣፈፃፅማ ስርዓተ-ምግቢ ኣፍሪካዊያን ንምምሕያሽ ዘኽእል ዓለምለኻዊ ምርምር ንምክያድ ምድልዋቶም ወጊኖም ስራሕ ንምጅማር ይሸባሸቡ ኣለው።**

**ናይዚ ፉድ ላንድ (FoodLAND) ብዝብል ዝተሰየመ ፕሮጀክት ኣባላት ፈላማይ ናይ ስራሕ ምጅማር ኣኼቦኦም ካብ ዕለት 20 እስካብ 22 መስከረም 2013 ኣብዘሎ ጊዜ ኣካይዶም እዮም።**

ካብ ዝተፈላለዩ ዓውደ ስራሕቲ (ዩኒቨርስትታት/ ትካላት ምርምር ዘይመንግስታዊ ትካላትን ኣናእሽተይን ማእኸለዎትን መፍረይቲ) ዝመፁ ዕስራን ሸሞንተን (28[ተን]) መዳርግቲ ትካላት ኣብቲ ፈላማይ ናይ ስራሕ ኣኼባ ተረኺቦም እዮም። ብምኽንያት ተላባዳይ ሕማም ኮርና ድማ እቲ ዋዕላ ብኦንላይ ምይይጥ ክሳለጥ ክኢሉ እዩ። ፕሮጀክት ፉድ ላንድ ብማሕበር ሕብረት ኣውሮፓ ብናይ ፕሮግራም Horizon 2020 (ኣድማስ 2020 ፕሮግራም) ኣቢሉ ናይ 7 ሚልዮን ዩሮ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ዝረኸበ እንትኾን ናይዚ ፕሮጀክት ዋና መራሒ ድማ ኣብ ጣልያን ዝርከብ ዩኒቨርስቲ ቦሎኛ ኣልማ ማተር ስታድዮሩም ብዝብል ዝፍለጥ እዩ። እዚ ፕሮጀክት ኣብ ሽድሽተ ሃገራት ኣፍሪቃ ማለት እውን ኣብ ሞሮኮ፥ ቱኒዝያ፥ ኢትዮጵያ፥ ኬንያ፥ ኡጋንዳን ታንዝንያን በብከባቢኡ ብዘለው ሕርሻታት ክጥለቡ ዝኽእሉን ዝተፈፈላለዩ ምህዞታት ንምፍጣር ከምኡ እውን ተጠቀምቲ (ተመገብቲ) ንጥዕና ጠቓምቲ ዝኾኑ ምግብታት ንክምግቡ ንምብርትታዕ ዝዓለመ እዩ። ናይዚ ፕሮጀክት ሓፈሻዊ ዕላማ ብዝሃ-ሂወት ሕርሻን ብዝሃነት ስርዓተ ምግብን ብምጥንካር ንጥዕና ጠቓምቲ ዝኾኑ ምግብታት ብምምዕባል ነቲ ኣብ ኣፍሪቃ ብዓብዩ ዘጋጥም ዘሎ ሕፀረት ዝተመጣጠነ ምግቢ ንምቕናስ ዝዓለመ እዩ።

እዚ ፕሮጀክት ኣብ ማሕበረሰብ ገፀር፥ ከተማን ሓውሲ ከተማን ዝርከቡ መዳርግቲ ኣካላት (ማሕበርሰብ) ብምትሕብባር ከምኡ እውን ነቲ ፈተነ ምህዞ ቤተ-ሙከራን መተኣታተዊን ከኾና ዝኽእላ ኣብዘን ዝተጠቐሳ 6 ሃገራት ምስ ዝርከባ 14 ዝተፈላለያ ከተማታት ዝተኣሳሰራ 14 ኔትወርክ ማእኸላት ምግቢ (food hubs) ክፈጥር እዩ። እዚ 28 መዳርግቲ ትካልት ዝሓዘ ናይ ፉድላንድ ጉጅለ (18 ካብ ኣፍሪካ እተን ዝተረፉ 10 ድማ ካብ ኣውሮፓ) ዝሓዘ እንትኸውን 12 ምህዞታት ቴክኖሎጂ ኣብ ምፍጣር (develop)፣ ምትግባርን (implement) ተግባራዊንቱ ኣብ ምዉሳንን (validate) ብሓባር ክሰርሓ እየን። እዞም ዝተጠቐሱ ምህዞታት ኣብ ኣሕምልትን፣ ሕርሻ ዓሳን ስርዓት ናይ ምግቢ መቀናበርትን ዘድህቡ እንትኾኑ ብትወሳኺ ድማ 17 ሓድሽቲ ከባብያዊ ምህርተ-ምግብታት (food products) ከምኒ ዓሳ፣ኣሕምልቲ፣ ንነዊሕ ጊዘ ክፀንሑ ዝኽእሉ ዝደረቑን ዝተቐነባበሩን ምግብታት፣ ዝተሓዋወሱ ውፅኢት ዝራእትን ዓሳን ከማኡውን ንመድሓኒትነት ረብሓ ዘለዎም ምግብታት ዝሓዙ እዮም።

ፕሮጀክት ፉድላንድ ካብ ናይ መምረትትን ተጠቀምትን ባህግታት፣ ድሌታትን መማረፅታትን ብምልዓል (ብምብጋስ) ካብ ኣብ ታሕቲ ዘለዉ መዳረግቲ (ማሕበረሰብ) ናብ ላዕሊ (bottom-up approach) ዝኸይድ ኣሰራርሓ ዝኽተል እዩ። እቲ ፕሮጀክት ኣብ ኣድላይነት ንጥረምግብታት ንህዝብታት ከተማን ገፀርን፣ ርድኢት ማሕበረ-ኢኮኖሚ፣ ኩነታት ንጥፈት ኣመራርታን ከምኡውን ኣብ ውሳነ ኣናእሽተይ ገባራትን (smallholder farmers) መቀነባበርትን ገዛእቲ ዝኾኑ ውልቃዊ ነገራት እንታይ እዮም ዝብል ሙሉእ ምስሊ ዝህብ ሓሳብ ክቕርብ እዩ። ኣብዚ መዳይ ኣናእሽተይ ገባራትን መቀነባበርትን ኣብ ምድንፋዕ ቡሉፅ ንጥረ-ነገር ዘለዎም ምግብታትን በዝሃ-ሂወት ሕርሻን ኣብ ዝገብርዎ ምንቅስቓስ ሓገዝ ክግበረሎም እዩ። ብተወሳኺ ድማ ተጠቀምቲ ናይቶም ዝተጠቐሱ ምግብታት ዘለዎም ርድኢት ንምዕባይ ምይይጥን ወፍሪ (campain) ፍለጡለይ ክግበር እዩ። “እዚ ማለት ድማ ኣብ ሞንጎ መምረትን ተጠቀምትን ዘሎ ክፍተት ብሙምላእ እቲ ፕሮጀክት ምድንፋዕ ምህርትን ተፃዋራይነት ሰንሰለት ቀረብ ምግቢ ብምዕባይ ሓደሽቲ ዓለምለኻውን ከባብያውን ናይ ዕደጋ ዕድላት ክፈጥር እዩ” ይብሉ ናይቲ ፕሮጀክት መተሓባበሪ ዝኾኑ ፕሮፌሰር ማርኮ ሰቲ። ፕሮፌሰር ማርኮ ሰቲ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ቦሎኛ ክፍሊ ትምህርቲ ሕርሻን ሳይንስ ምግብን

FOODLAND has received funding from the European Union’s Horizon 2020 research and innovation programme under grant agreement (GA No 862802).
The views and opinions expressed in this document are the sole responsibility of the author and do not necessarily reflect the views of the European Commission.

FOODLAND

መምህርን ተማራማራይን እዮም።

**ንሚድያ ሓብሬታ**

ኢመይል: info@foodland-africa.eu
ድረ ገፅ: www.foodland-africa.eu | Follow #FoodLANDAfrica
@FoodLANDafrica on Twitter and Facebook | FoodLAND-Africa on LinkedIn
ንተወሳኺ ሓበሬታ: https://cordis.europa.eu/project/id/862802

FOODLAND has received funding from the European Union’s Horizon 2020 research and innovation programme under grant agreement (GA No 862802).
The views and opinions expressed in this document are the sole responsibility of the author and do not necessarily reflect the views of the European Commission.

**The FoodLAND consortium**

Research partners:

- Alma Mater Studiorum - Università Di Bologna (Coordinator), Italy
- Agroscope, Switzerland
- The James Hutton Institute, UK
- Copenhagen Business School, Denmark
- Ecole Nationale d'Agriculture de Meknes, Morocco
- Institut Supérieur Agronomique de Chott-Mariem, Tunisia
- Institut National Agronomique de Tunisie, Tunisia
- Mekelle University, Ethiopia
- University of Nairobi, Kenya
- Sokoine University of Agriculture, Tanzania
- Makerere University, Uganda
- National Agricultural Research Organisation, Uganda

Partners for agriculture/aquaculture promotion and sustainable development in Africa

- Ethiopian Agricultural Transformation Agency Tigrai, Ethiopia
- Ministry of Agriculture Livestock and Fisheries, Kenya
- Comitato Europeo per la Formazione e l'Agricoltura, Italy
- Relief Society of Tigray, Ethiopia
- Volunteer Efforts for Development Concerns, Uganda
- Farm Concern International, Kenya
- Helvetas Tanzania, Switzerland
- Groupement d'Intérêt Economique Zoyout Dir Béni Mellal, Morocco
- Groupement de développement agricole Hrayer Gloub thiran, Tunisia

Small and medium-sized companies in the food sector

- Kitui Enterprise Promotion Company Limited, Kenya
- Tamarillo Kenya Limited, Kenya
- Katundu Traders Limited, Tanzania
- Nutreal Limited, Uganda
- AquaBioTech Limited, Malta

Industrial partner

- Novamont S.p.A, Italy

Communication and IPR management partners

- Elhuyar Fundazioa, Spain
- EURICE, Germany

FOODLAND has received funding from the European Union's Horizon 2020 research and innovation programme under grant agreement (GA No 862802).
The views and opinions expressed in this document are the sole responsibility of the author and do not necessarily reflect the views of the European Commission.